

Foto: © Julia Kneuse

# ብሓባር ምዕባይ!

## ሓበሬታ ንወለዲ

Tigrinya

KITA-EINSTIEG HAMBURG

Gemeinsam groß werden!

www.kita-einstieg-hamburg.de

Illustration: © Marika Haustein




ናይ ኪታ ሓበሬታ ንወለዲ

# Kita-Einstieg እንታይ‘ዩ፧ ኣብ ሃምቦርግ‘ኸ እንታይ ይገብሩ፧

ኣብ መላእ ኣውራጃ Kita-Einstieg ብዛዕባ ኪታ መዋእል ህጻናት ምሉእ ሓበሬታ ይህብ ከምኡ ድማ ጸገማት ወይ ሕቶታት ምስ ዝህልወኩም ይተሓባበር። ኪታ ዝተፈላለዩ ዕድላት ንውላድኩም ይፈጥሩ’ዮም። ህጻናት ምስ ካልኦት መሳቶም ኮይኖም ኣገደስቲ ብቕዓት ንትምህርቲ የጥርዩን ይመሃሩን።

## ንስድራቤታት ድጋፍ ንህብ

ናይ ኪታ ክኢላታት ኣብ ሃምቦርግ ይተሓባብሩ/ራ ከምኡ ድማ ውላድኩም ኪታ ኣብ ዝጅምረሉ የሰንዩ/ያ። ኩሉ መስርሕ ብግቡእ ገሊጾም ሕቶታትኩም ድማ ይምልሱ። ብተወሳኺ ክኢላታት ኪታ ናይ ሓበሬታ ኣኼባታት የካይዱ።
ኣቶርጓሚ ወይ ኣቶርጓሚት ምስ ናይ ኪታ ዝርርብ ምስ ዘድልየኩም ድማ ሓገዝ የናድዩ። ነዚ ዝምልከት ንናይ ኪታ ክኢላታት ምውካስ ይከኣል።
ኣድራሽኦም ድማ ኣብ መወዳእታ እዚ ወረቐት ክትረኽቡ ትኽእሉ።

## ኦንላይን Kita-Einstieg ሃምቦርግ

ዝኾነ ሕቶታት እንተሃልዩኩም ወይ ብዝያዳ ብዛዕባ ናይ ኪታ ኣርእስቲ ክትፈልጡ ትደልዩ፧
ኣብ መርበብ ኢንተርነት www.kitainfo.hamburg ዘድሊ ሓበሬታን ቪድዮታትን ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ትረኽቡ።




# ኪታ እንታይ ማለት እዩ፧

ኪታ ዝበሃል ሓደ ቦታ ኮይኑ፡ **ህጻናት ብዘይ ወለዶም** ዝእለይሉ ማለት እዩ። ኣብ ጀርመን ህጻናት **ቀዳማይ ዕድሚኦም** ክጅምሩ ይኽእሉ። ወለዲ ስራሕ ምስ ዝህልዎም፡ ሞያዊ ስልጠና ምስ ዝኸዱ ወይ ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ምስ ዝኸዱ፡ ኣቐዲሞም ኣብ ኪታ ክወስድዎም ይኽእሉ ንደቆም። ኣብቲ ኪታ ድማ ናይ ህጻናት ክኢላታት እዮም ዝዓዩ። ኣብዚ ዓውዲ ሞያዊ ስልጠና ዝቐሰሙ ወይ ክሳብ ዩኒቨርስቲ ዝተማህሩ ኮይኖም **ኣላዪ ወይ ኣላይት** ተባሂሎም ይጽውዑ።

## ኪታ ስለምንታይ እዩ ኣገዳሲ ንውላደይ፧

ህጻናት ቅድሚ ትምህርቲ ምጅማሮም ገለ ነገራት ክኽእሉ ይግባእ።

**እዞም ነገራት ድማ ንኣብነት ኣብ ኪታ፡**

- ዕቱባት ምዃን
- ስርዓት ምኽባር
- ኣድህቦ ወይ ኣቓልቦ ምጥራይ
- ተሳታፍነት
- ርእሰኻ ምኽኣል
- ካልኦት ምስማዕ
- ኣብ ጉጅለ ተራኻ ምጽዋት

ብተወሳኺ ህጻናት ኣብ ኪታ መሓዙን የዕሩኽትን ይላለዩ ከምኡ ድማ ብዙሕ ሓደስቲ ነገራት ይመሃሩ። ወለዲ ጾሮም የራግፉ፡ ንስራሕ፡ ትምህርቲ ወይ ንናይ ቋንቋ ትምህርቲ ዝኸውን ግዜ ድማ ይረኽቡ



Foto: © pixabay

# ናይ ገዛ መእለዩ ህጻናት እንታይ ማለት እዩ፧

ኣብ ሃምቡርግ ህጻናት ወይ ናብ መዋእል ህጻናት (ኪታ) ወይ ድማ ናብ ናይ ገዛ መእለዪ ህጻናት Kindertagespflege ክኸዱ ይኽእሉ።
ኣብዚ ናይ ገዛ መእለዪ ህጻናት፡ ኣለይቲ ወለዲ ይዓዩ።
እዚኦም ውልቀሰባት ኮይኖም ንነኣሽቱ ጉጅለ ህጻናት ዝኣልዩ እዮም።
ካብ 0 – 14 ዕድመ ንዘለዎም ህጻናት ድማ ኣብ ገዛ ኮይኖም ይኣልይዎም።
ሓደ ሓደ እዋን እውን ናይ ገዛ ኣለይቲ ተወሰኽቲ ክፍልታት ይካረዩ እዮም።
እቶም ናይ ገዛ ኣለይቲ እኹል ናይ ኣላይነት ህጻናት ኣስተምህሮ ዝቐሰሙ እዮም።
ብዛዕባ ኣተዓባብያን ህጻናትን እኹል ተመክሮ ኣለዎም።
ምምሕዳር ከተማ ሃምቡርግ ቀጻሊ ነዞም ኣለይቲ ይምርምሮም እዩ።
ኣብዚ ናይ ገዛ መእለዪ ክሳብ 5 ህጻናት ብሓባር ይእለዩ።
እተን ጉጅለታት ነኣሽቱ እዮም።
እዚ ድማ ብብዙሓት ወለድን ህጻናትን ይምረጽ እዩ።
ወለዲ ምስ ኣለይቲ ኮይኖም ደቆም ዝእለይሉ ሰዓታት ክውጥኑ ይኽእሉ።
እዚ ናይ ገዛ መእለዪ ግና ክሳብ ኪታ ዝርከብ መሰጋገሪ ስፍራ ኣይኮነን።
ምምሕዳር ከተማ ሃምቡርግ እዩ ነቲ ናይ ገዛ መውዓሊ ዝኸፍሎ።
ወለዲ መጀመርያ ከመልክቱ ኣለዎም።
ተወሰኽቲ ሓበሬታን ፎምታትን ኣብዚ ትረኽቡ፡
www.hamburg.de/kindertagespflege-elterninfos




# ኣብ ኪታ ቋንቋ ምምሃር

ኣብ ኪታ ህጻናት ቋንቋ ጀርመን እግሪ መገዶም ይመሃሩ። ኣብ ገለ ኪታ ድማ ካልኦት ቋንቋታት'ውን ይመሃሩ እዮም። ኣብኡ ዝተፈላለዩ ጠቓምቲ ኣኽእሎም ቃላት ኣብ ምፍላጥ ይረኽቡ። ንኣብነት፡ ብሓባር ምዝማር፡ ናይ ኣጻብዕቲ ጸወታ፡ ናይ ምንቅስቓስ ጸወታ፡ ንባብን ምንጋር ጽውጽዋይን፡ ጸወታ ተዋስኦ፡ ስእልን መጽሕፍትን ካልኦትን።

## ቋንቋ ጀርመን ከም ቀዳማይ ቋንቋ ምምሃር

ኣብተን መጀመርያ ዓመታት ህጻናት እቲ ቀዳማይ ቋንቋ ይመሃሩ። ህጻናት ካብ ሓደ ንላዕሊ ቋንቋ ብሓንሳብ ክማሃሩ ኣየጸግሞምን። ገለ ህጻናት ኣብ ገዛ ኪታን ዝተፈላለዩ ቋንቋ ይዛረቡ። ንህጻናት ድማ ቋንቋ ወለዶም ክፈልጡ ኣገዳሲ ነገር እዩ። ስለዚ ኣብ ኪታ ቋንቋ ጀርመን ክፈልጡ ሓገዝ ይግበረሎም። ሓደ ህጻን ቋንቋ ጀርመን ከም ቀዳማይ ቋንቋ ክፈልጦ እንተ ኮይኑ፡ ሓደ ሓደ ግዜ ሓገዝ የድልዮ እዩ።

## ሓገዝ ቋንቋ ኣብ ኪታ

ኣለይቲ ህጻናት ኣብ ኪታ ምስ ምዕባለ ቋንቋ ጽቡቕ ኣፍልጦ ዘለዎም እዮም። ህጻናት ቋንቋ ጀርመን ኣብ ምምላኽ ሓገዝን ምትብባዕን ድማ ይገብሩ። ሓደ ህጻን ጸገማት ናይ ጀርመን እንተለዎ፡ ሓደ ኣላዪ ወይ ሓንቲ ኣላይቲ ኣብቲ ኪታ ነቲ ህጻን ይከታተል ወይ ትከታተል።




# ሓገዝ ዘድልዮም ህጻናት

ገለ ህጻናት ካብ ካልኦት ንላዕሊ ዝያዳ ሓገዝ የድልዮም እዩ። ንኣብነት፡ ስንክልና ምስ ዝህልዎም ወይ ስንክልና ክገጥሞም ስለዝኽእል። እዞም ህጻናት ተወሳኺ ሓገዝ ክረኽቡ ክልተ መንገድታት ኣለው፡ **ኣሻቡ ድጋፍ ወይ ናይ መወሃሃዲ ሓገዝ**

## ኣሻቡ ድጋፍ (ህጻናት ካብ 0-6 ዓመት)

ኣብ ናይ ኣሻቡ ድጋፍ፡ ህጻናት ኣብ **ኪታ** ድዮም ዘለው ወይ **ኣብገዛ** ይኹኑ ብዙሕ ኣገዳሲ ኣይኮነን። ዳርጋ ኣብ ኩሉ ኪታ ድማ እቲ ሓገዝ ክትግበር ይከኣል። **ፈወስቲ መምሃራን** ድማ ነቲ ወይ ነታ ህጻን ይከታተሉ። ወይ ናብ ኪታ ወይ ናብ ገዛ እንዳ መጹ ድማ ይሰርሑ። ወይ ድማ ኣብ **ናይ ኣሻቡ ሓገዝ ትካል** ትመጹ። እዚ ቦታ ድማ ናይ ዕብየት ምድንጓያትን ድኽመታትን ዘርእዩ ህጻናት መጺኦም ሓገዝ ዝረኽብሉ ቦታ እዩ።

## ናይ ምውህሃድ ሓገዝ (ካብ 3 ዓመት ህጻናት)

እዚ ናይ ምህውሃድ ሓገዝ ህጻናት ካብ 3 ዓመት ንላዕሊ ዝወሃቦም ዓይነት ሓገዝ እዩ። እዚ ሓገዝ ድማ ኣብ ፍሉያት ኪታ ጥራይ ይርከብ። ኣብዘን ኪታ ድማ ናይ ዕብየት ምድንጓያት ዘለዎም ህጻናት ዝርድኡ ክኢላታት ይዓዩ። ምስቲ ህጻን ድማ ፍወሳ ወይ ተራፒ ይገብሩ። ሓበሬታ ብዛዕባ ናይዚ ሓገዝ ኣብዚ ትረኽቡ፡


https://www.hamburg.de/fruehfoerderung/

# ኣብ ኪታ እንታይ ይግበር፧

## መዓልቲ ኣብ ኪታ ከምዚ ክመስል ይኽእል፥




Fotos: © Julia Kneuse




ናይ ኪታ ክፖን ብቐሊል መረድኢ

## ናይ ኪታ ክፖን እንታይ እዩ ብኸመይ'ከ ክረክብ ይኽእል፧

ንናይ ኪታ ኣላይነት ህጻን ኣብ ሃምቦርግ **ናይ ኪታ ክፖን** የድሊ። እዚ ናይ ኪታ ክፖን ድማ ካብ **ምምሕዳር ከባቢ ጨንፈር መዓልታዊ ኣላይነት ህጻናት (KTB)** ትረኽብዎ። ወይ ድማ ኣብ ኦንላይን ኣብ፡ www.hamburg.de/antraege/
እቲ ናይ ኪታ ክፖን ናብቲ ዝመረጽክሞ ኪታ ትህብዎም።

### ምምልካት ንናይ ኪታ ክፖን

ንካብ 1 ዓመት ህጻናት ኣብ ሃምቦርግ መዓልታዊ 5 ሰዓታት ኣላይነትን ምሳሕን ብነጻ ዝወሃብ እዩ። ከከም ኣድላይነቱ ድማ ህጻናት ን5፡ 6፡ 8፡ 10 ወይ 12 ሰዓታት ይእለዩ።

**እቲ ናይ ኪታ ክፖን ዝውስኖም ዛዕባታት...**

- ንኽንደይ ሰዓታት ህጻንኩም ኣብ ኪታ ክጸንሕ ከም ዝኽእል
- ምምሕዳር ሃምቦርግ ካብኡ ክንደይ ክሽፍን ከም ዘለዎ
- ክንደይ ወለዲ ክኸፍሉ ከም ዘለዎም

**ወለዲ ክንደይ ይኸፍሉ ንዝብል፡ እቲ ሙርኮሳ ኣብ...**

- ዕብየት ናይ ስድራቤት
- ወላዲ ክንደይ ኣታዊ ኣለዎም
- ንኽንደይ እዋን ህጻን መዓልታዊ ኣብ ኪታ ክጸንሕ ኣለዎ

ናይ ኪታ ክፖን እንተነውሐ ን1 ዓመት ጥራይ የገልግል። ዓመት መጸ ድማ ሓድሽ ናይ ኪታ ክፖን ከተመልክቱ ኣለኩም። ተወሰኽቲ ሓበሬታ: www.hamburg.de/kita



Foto: © Julia Kneuse

# “ምልምማድ“ እንታይ ማለት እዩ ብኸመይ‘ከ ይሰላሰል፧

ምጅማር ኣብ ኪታ **ምልምማድ** ተባሂሉ ይጽዋዕ። ውላድኩም **በብቅሩብ ኣብ ኪታ ክለምድ** መታን። መጀመርያ ብሓባር ምሳኹም ደሓር ግን ንበይኑ። ኣብ መጀመርያ ምስ ህጻንኩም ኣብቲ ኪታ ትጸንሑ። እተን ናይ መጀመርያ ምኻድ ናብ ኪታ ሓጸርቲ እየን። እቲ ሰዓታት ምስ ኣለይቲ ናይ ህጻንኩም ኢኹም ትሰማምዑ። ሓደ ኣላዪ ወይ ሓንቲ ኣላይት ድማ ብፍላይ ነቲ ህጻንኩም ይከናኸን ወይ ትከናኸን። ንሱ ወይ ንሳ ድማ እቲ **ተወካሊ ኣላዪ ወይ ተወካሊት ኣላዪት** ናይ ውላድኩም እያ። ንዑኡ ወይ ንዓኣ **ሕቶታት ከተቕርቡ** ትኽእሉ ኢኹም። ንስኹምን ውላድኩምን ነቲ ሓዲሽ ኩነታት ትላለይዎ። **ምትእምማን** ድማ ምስ ቶም ኣለይቲ ትሃንጹ። ብድሕሪ እዚ እቲ ዝስዕብ ስጉምቲ ይቕጽል፡ ካብ ህጻንኩም ተሰናቢትኩም ኣብ ካልእ ክፍሊ ናይ ኪታ ትጸንሑ። ድሕሪ ቅሩብ ደቓይቕ ድማ መሊስኩም ትምለሱ ናብ ህጻንኩም።

ውላድኩም ድማ በብቐሩብ ብዘይ በኣኹም ምጽናሕ ይላመድ።

## ውላድኩም ምስ ዝበኪ፡

ተመሊስኩም ትእብድዎ ወይ ትእብድዋ። እቲ ናይ ምልምማድ እዋን ኣብ ኪታ ክሳብ ውላድኩም ዝለምድ ንገለ ሳምቲ ክኸይድ ይኽእል እዩ።

# ናይ ኪታ ቦታ ብኸመይ ክረክብ ይኽእል፧

## ኪታ ምርካብ ብ6 ስጉሚ

ብቕልል ዝበለ መረዳእታ፡ ኪታ ኣብ ሃምቦርግ

### 1. ኣንፈትን ሓበሬታን ምርካብ፡

ኣብ መርበብ ኢንተርነትና ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ሓበሬታን ቪድዮታትን ብዛዕባ ኪታ ኣብ ሃምቦርግ ትረኽቡ፡ www.kitainfo.hamburg
ኣብዚ'ውን ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ሓበሬታ ብዛዕባ ኪታ ሃምቦርግ ትረኽቡ፡ www.hamburg.de/kitaplatz/

### 2. ምምልካት ንናይ ኪታ ክፖን

ነቲ ናይ **ኪታ ክፖን መጥለቢ ፎርም** መሊእኩም **ምስ ናይ ታሴራኹም ቅዳሕ** ናብ ምምሕዳር ከባቢ ስደድዎ።
ኣብ ኦንላይን www.hamburg.de/antraege ኣቲኹም ከተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም።

### 3. ናይ ኪታ ቦታ ምርካብ፡

ኣብ ከባቢኹም ኪታ ትደልዩ ኣለኹም፧
ናይ ኪታ ኣድራሻታት ንኣብነት ኣብዚ ትረኽቡ፡ www.hamburg.de/kita-finden
ናብ ኪታ ብምድዋል ወይ ኢመይል ብምጽሓፍ ተወከሱ።

### 4. ቦታ ኣብ ኪታ እንተረኺብኩም፡

ምስታ ኪታ ቆጸራ ጌርኩም ብምኻድ ተላለይዎም።

### 5. እቲ ኪታ እንተፈቲኹሞ፡

ሕቶታትኩም ምስ ኪታ ኣነጺርኩም ኣብቲ ኪታ ውላድኩም ኣመዝግብዎ።
ብተወሳኺ ውዕል ኣላይነት ክትፍርሙ ኣለኩም።
ናይ ውላድኩም ክታበት ደብተር፡ እታ ኡ ሄፍትን ብቑዕ ናይ ኪታ ክፖንን ከተረክብዎም ድማ ይግባእ።

### 6. ምልምማድ፡

ንውላድኩም ኣብኡ ኮንኩም ንዝተወሰኑ ሰሙናት ክሳብ ንበይኑ ክኸውን ዝኽእል ተጻንሕዎ።

**ጠቓሚ ሓበሬታ፡ ኣብ ነፍስወከፍ ትኽድዎ ስጉሚ ናይ ኪታ ክኢላታት ክተሓባበርኹም ይኽእሉ።**

# ኪታ ምስ ዘይረክብ እንታይ ክገብር ይኽእል፧

ብቕልል ዝበለ፡
ናይ ኪታ ቦታ ምርግጋጽ መስርሕ

**1. ብቑዕ ናይ ኪታ ክፖን ክህልወኩም ኣለዎ።**

**2. ምምሕዳር ከባቢ ናይ ኪታ ቦታ ኣብ ምርካብ ይተሓባበር።**
እዚ መስርሕ **ናይ ኪታ ቦታ ምርግጋጽ መስርሕ** ተባሂሉ ይጽዋዕ።
እንተሓጸረ **ቅድሚ 3 ኣዋርሕ ቅድሚ ናይ ኪታ ክፖን ዝጅምረሉ** ሓገዝ ካብ ምምሕዳር ከባቢ ክትረኽቡ ትኽእሉ። እቲ ናይ ምእላይ ዝጅምረሉ እዋን ኣብቲ ክፖን ትረኽብዎ።

**3. እንተወሓደ 5 ምንጻግ ናይ ኪታ መዝግቡ።**
ብተሌፎን እንተተኣቢኹም'ውን እኹል እዩ።
እተን ኪታ ነቲ ምንጻገን ግድን ክፍርማሉ የብለንን።

**4. ቆጸራ ምስ ተሓዚ ወይ ተሓዚት ጉዳይኩም ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ግበሩ።**
ኣስማቶምን መራኽቢ መገድታትን ኣብ ላዕሊ ብየማናይ ሸነኽ ናይ ኪታ ክፖን ትረኽብዎ።

**5. ምምሕዳር ከባቢ ኣብ ቦታኹም ነጻ ቦታታት ኪታ የናድዩ።**
ባዕልኹም'ውን ቦታ ምድላይ ክትቅጽሉ ኣለኩም።

**6. ምድላይ ቦታ ክሳብ 3 ኣዋርሕ ክወስድ ይኽእል**
ተሓዚ ወይ ተሓዚት ጉዳይ ሓደ ነጻ ቦታ ናይ ኪታ እንተተረኺቡ ደብዳበ ይሰደልኩም።

**7. እንተበዝሐ 2 ግዜ ነቲ ናይ ኪታ ቦታ ክትነጽግዎ ትኽእሉ።**
ብድሕሪኡ ግን ምምሕዳር ከባቢ ኪታ ኣብ ምርካብ ኣይተሓጋገዝን።

# ምርጫታት ንዝበቕዓኩም ኪታ

## ቅጥዕታት

1. 1. ውላድኩም ፍሉይ ቐረብ የድልዮም ድዩ፧ (ንኣብነት ናይ ሕማም ምውስዋስ)
2. 2. ፍሉይ ሰዓታት ናይ ኪታ የድልየኩም ድዩ፧
3. 3. እቶም ሰራሕተኛታት ኣብ ኪታ ጥዑማት ድዮም፧
4. 4.ውላድኩም እቲ ኪታ ተሰማሚዕዎ'ዶ ትብሉ፧
5. 5. እኹል ምኸረ'ዶ ተዋሂብኩም፧
6. 6. ብዙሕ ሓበሬታን ዝሓተትኩሞ መልሲ ይወሃበኩም ድዩ፧
7. 7. ምስ ውላድኩም መጺእኩም ነቲ ኪታን ኣሰራርሕኦምን ኣካይዶምን ተዓዚብኩሞ ዲኹም፧

## ክፍልታትን ትሕዝትኦምን

1. እኹል ቦታን ዝተፈላለዩ ክፍልታትን ይርከብዎ'ዶ፧ ንኣብነት ናይ መወሳወሲ ክፍሊ፡ ኢደ-ስረሓት፡ ሙዚቃ
2. ህጻናት ንበይኖም ኮይኖም ወይ ብጉጅለ ከዕርፍሉ ዝኽእሉ ክፍሊ ኣሎ'ዶ፧
3. ኣብ ደገ መጻወቲ ካንቸሎ ኣሎዎ'ዶ፧
   እቶም ህጻናት ናብ መጻወቲ ቦታን መናፈሻን ይኸዱ'ዶ፧

## ምግብን ጽሬትን

1. መዓይ ይምገቡ፧ ኩሎም ህጻናት ሓቢሮም'ዶ ይምገቡ ወይ በብንኣሽቱ ግጂለታት፧
2. ምግቦም ንጥዕነኦም ዝሰማማዕ ድዩ፧
3. ነቲ ትጠልብዎ ዓይነት ምግቢ ተማልኦ ድያ ኪታ፧ (ንኣብነት ሓላል፡ ናይ ኣለርጂ፡ ስጋ-ኣልቦ ወዘተ)
4. እቲ ኪታ ጽሩይ ድዩ፧

## ሓበሬታን ቐረብን ንወለዲ

1. ቀጻሊ ዝርርብ ምስ ወለዲ ይካየድ'ዶ፧
2. ወለዲ ብዛዕባ ውላዶም ዝምልከት ሓደ ተወካሊ ሰብ ዝውከስዎ ኣለዎም ድዩ፧



# ናይ ኪታ-ኣላለይቲ ባህሊ ኣብ ሃምቡርግ

ናይ ኪታ ክፖን እንታይ እዩ፧ ንዓይ ዝኸውን ኪታ ኣበይ ክረክብ ይኽእል፧ መልሲ ናይዞም ሕቶታት ካብ ናይ ኪታ ክኢላታት ባህላዊ ጉዳያት ክትረኽቡ ትእኽሉ። እዞም ክኢላታት ኣብ ኩሉ ከባቢታት ከተማ ይርከቡ። ኣብኡ ድማ ምኽሪ ንወለዲ ይህቡ።

ርክባት ምስኦም ክትገብሩ ፈትኑ!
ዝርከብዎ ኣድራሻ ኣብዚ ክትረኽቡ ትኽእሉ
www.kita-einstieg-hamburg.de/kita-kulturlotsinnen

ወይ ድማ ነቲ QR ኮድ ስካን ግበሮ፧

ናይ ኪታ-ኣላለይቲ ባህሊ ኣብ ሃምቡርግ

መዋሊ፡

Hamburg | Behörde für Schule, Familie und Berufsbildung

AGFW
Arbeitsgemeinschaft der Freien Wohlfahrtspflege Hamburg e.V.

**Koordinierungsstelle**
**Kita-Einstieg Hamburg**
Burchardstraße 19
20095 Hamburg

Tel. 040 60 77 46 54 2
kita-einstieg@agfw-hamburg.de

www.kita-einstieg-hamburg.de
www.kitainfo.hamburg

Kita-Einstieg Hamburg

ሓባራዊ ፕሮጀክት ናይዚ ትካል ኪታ፡

Menschsein stärken IB

Kinderkompass

SterniPark

Ev.-Luth. Kirchenkreis Hamburg-West/ Südholstein

Stand: 12/2025

KITA-EINSTIEG
HAMBURG